# የሱስ እቲ ብሉጽ መምህር



ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Byron Unger; Lazarus
Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ E. Frischbutter; Sarah S.

ትርጉም ፦ Daniel Efrem

ኣባዛሒ:- Bible for Children
www.M1914.org

©2022 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣



የሱስ ብሉጽ መምህር እዩ ነይሩ፡
ኣዝዩ ብሉጽ መምህር። ብዙሓት
ሰባት ውን ይሰምዕዎ ነበሩ።



ንሱ ንኩሎም ምሕረት ክገብሩ፡ ለውሃትን ክኾኑ ይምህሮም ነበረ። ብዙሓት ክጸልእዎምን ክጎድእዎምን ይክእሉ እዮም፡ ኣምላኽ ግን ይጥንቀቀሎም እዩ፡፡



የሱስ ብዛዕባ ብዙሕ
ነገር ይነግሮም ነበረ።
ህዝቢ ኣምላኽ ልክዕ
ሽምዓ ንዝጸልመተ
ክፍሊ ከም ዘብርሆ፡
ከምኡ ንዓለም ብርሃን
እዮም። ተብርህ ሽምዓ
ኣብ ጸልማት ክፍሊ
ከመይ ዓይነት
ፍሉይነት የምጽእ?

እቶም ንየሱስ ዝሰምዕዎ ዝነበሩ፡ ዓይኒ ዝሃረሞም ዓይኑ ምህራም፡ ስኖም ንዝሃረሞም ስኑ እዮም ዝፈልጡ ነይሮም።

የሱስ ግን ለውሃት፡
ምሕረት፡ ይቅሬታ፡
ፍቅርን ክገብሩ
እዩ ምሂርዎም።
ዋላ ንዝጸልእዎም
ጸላእቶም!!!




ኣብቲ የሱስ ዝነበሮ ግዜ፡ ብዙሓት በቲ
ንድካታት ዝልግስዎ ገንዘብ ጽድቆም
ሰብ ክርእየሎም ይድልዩ ነበሩ፡፡ የሱስ
ግን "እቲ እትህብዎ ብሕቡእ ሃቡ፡
ኣምላኽ ክኣ ዓስቢ ክህበኩም
እዩ" በሎም፡፡

ብዛዕባ ጸሎት ውን ከምኡ በሎም። ገለ ሰባት ኣብ ብዙሕ ህዝቢ ዘለዎ መንገዲ እዮም ዝጽልዩ፡ ስለዚ ዝሓልፍ ኩሉ ይርእዮም ጸሎቶም ክኣ ይሰምዖ። ንኣምላኽ ኣይፈርሁን እዮም፡ ሰብ ብዝዕብኦም ዝዛረቦ ግን ይግደስሉ። የሱስ ነዚኦም ግቡዛት በሎም።



የሱስ ኣብ ገለ ግዚያት ንተፈጥሮ መምሃሪ ምሳሌ ይጥቀመሉ ነበረ። ንኣብነት ሓደ ግዜ፡ ናብ ረጋቢት እናመልከተ፡ "ናይ ሰማይ ኣቦኩም እዩ ዝምግበን" በለ። " ኣይትጨነቑ! ኣምላኽ ንዓኹም ውን ይሓልየልኩም እዩ!" በሎም።



"ንጉስ ሰለሙን ውን ምስዚ ኩሉ ክብሩ፡ ኣይተኸድነን" የሱስ ዘረብኡ ቀጸለ። "ኣምላኽ ንምድሪ ብዕንባባ ካብ ከደና፡ ንዓኹም ግዳ ከመይ ዘይከድነኩም?" የሱስ ንኹሉ ድልየቶም ከንዘማልኣሎም ይምህሮም ነበረ፡፡



"ንሓውካ ክትፈርዶ እንከለኻ ልክዕ ከምቲ እብ ዓይንኻ ገዚፍ ጉንዲ እንከሎካ፡ ኣብ ዓይኒ ሓውካ ናእሽቶ በሰር ምድላይ እዩ" የሱስ በሎም። ክዛረብ ከሎ ክስሕቁ ደልዩ፡ ድሕሩ ግን እቲ ትርጉም ክርድኦም ጀመረ።





የሱስ ሰባት ንኣምላኽ
ኩሉ ዝደልይዎ ክሓትዎ
መሃሮም፡፡ ናይ ስጋ
ኣቦታት'ዶ ደቆም
እንጌራ ምስ ለመንዎም
እምኒ ይህብዎም?!
ኣይፋል! ጽቡቅ ነገር
ድኣ ይህብዎም።
ኣምላኽ ድማ
ንዝለመንዎ ጽቡቅ ነገር
እዩም ዝህብዎም።

የሱስ እቲ ብሉጽ መምህር ብዛዕባ ሓሰውቲ መምሃርን
ውን ኣጠንቀቆም። "ኣባጊዕ እዮም ዝመስሉ" በለ የሱስ ።
"ውሽጦም ግን ተኳሉ እዮም"
ሓሰውቲ መምሃራን ብህይወቶም
ኢኻ ትፈልጦም በለ።



ሓደ ታሪኽ ነጊሩ ክኣ፡ እቲ ንቓል ኣምላኽ ሰሚዑ ዝገብሮ፡
ቤቱ ኣብ ከውሒ ዝሰረተ ሰብኣይ ከምዝመስል ነገሮም።

ውሒዝ ውሓዘ እታ ቤት
ግን ኣይተነቓነቐትን።



ዓሻ ሰብኣይ ግን ቤቱ ኣብ ሑጻ ሰረተ። ውሑዝ ምስ መጸ ቤቱ ፈረሰ፡ ምኽንያቱ ኣብ ሕማቅ ስለ ዝሰረተ። ቃል ኣምላኽ ዘይእዘዝዎ ከኣ ከምኡ እዮም በሎም።



እቲ እኩብ ህዝቢ ብትምርቲ ናይ የሱስ ተገረመ።
ክምኡ ዓይነት ትምርቲ ቅድሚ ሕጂ ሰምዮም
ኣይፈልጡን ነበሩ። ብድሕሪ እዚ ንቃል
ኣምላኽ ምፍላጥ ጥራይ እኹል ከምዘይኮነ፡
ሰምዮም ክገብርዎ ውን ከምዘለዎም
ተርድኦም፡፡



የሱስ እቲ ብሉጽ መምህር

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ማቴዎስ 5-7 ሉቃስ 6

”ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።” መዝሙር 119፣130

# መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ
መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ግና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3፡16